Fachhochschule Nordwestschweiz
Pädagogische Hochschule

# ESKE
## Evaluation des compétences scolaires en langue première

# TIGRIGNA

## Série de tâches de 5 à 6 ans d'expérience scolaire

Pädagogische Hochschule FHNW 2021 / Haute école pédagogique FHNW 2021

Professur Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter / Chaire de didactique de l'allemand et du plurilinguisme chez l'enfant

**ዕዮታት**

1. ነዚ ጽሑፍ ዓው ኢልካ ኣንብቦ፡



**ዕንቅርቢት ኣባል ስድራ እንዳ ሳሬት**
ኣብ ሙቐት ዘለወን ሃገራት ኢድካ ኣብ መንደቕ ዝርከብ ጉድጓድን ኣብ መንጎ ኣእማንን ምእታው ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ሰብ ቕድሚ ጫማኡ ምኽዳኑ ውሽጡ ክነግፎ ይግባእ፡ ኣብ ውሽጡ ዝኾነ ትሓቢኡ ክጸንሕ ስለዝኽእል፡ ዕንቅርቢት ብርሃን ኣይፈትዉን እዮም፡ ኣብ ግዜ ምዓልቲ ኣብ ጉድጓዳትን ኣብ ጸልማት ቦታታትን ትሓቢኦም ይውዕሉ፡ ዕንቅርቢት ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከባ ሙቐት ዘለወን ሓገራት ተዘርጊሖም ይርከቡ፡ ግን ብዙሕ ኣይራኣዩን እዮም፡

**መርዞም ክሳብ ሞት ከብጽሕ ይኽእል**
ዕንቅርቢት ዋላኳ መብዛሕትኦም ዓይነታት ንሰብ ኣብ ሞት ዘብጽሑ ኣይኹኑ፡ መርዛማት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡ ከከም ዓይነቶም ድማ ቑሞቶም ካብ ሓደ ሜጥሮ ኽሳብ ዒስራንሓደን ሜትሮ ክበጽሑ ይኽእሉ እዮም፡ ኩሎም ዓይነታት ኣብ መወዳእታ ጭርኦም መርዚ ኣለዎም፡ ዕንቅርቢት ክሃድን ክደሊ ከሎ ጭርኡ ብሕቑኡ የሕሊፉ ነቲ ክሃድኖ ዝደለየ እንስሳ መርዚ ይወግኦ፡ ሓደ ዝፈርሐ ዕንቅርቢት ግን ቐልጢፉ ተጠዊዩ ጭርኡ ናብ ጸላኢኡ የቕንዕ፡

እንቅርቢት ኣብ ግዜ ለይቲ ሳሬታትን ካልኦት ለመምታታትን ይሃድኑ፡ መጀመርያ ዳህሲሶም፡ ዳሓር ነቲ ዝህደን እንሰሳ ቕጥ ኣቢሎም ሒዞም መርዚ ብምውጋእ ይቐትልዎ፡


© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

2. ኣብ ዕዮ 1 ዘሎ ጽሑፍን ኣብ ታሕቲ ዘሎ መልእኽትን ብምንባብ ቅኑዕ ወይ ሓሶት ኢልካ መልሲ ሃብ፡

ሀ ) ዕንቅርቢት ጸልማት ይፈትዉ፡ — ሓቒ ☐ ሓሶት ☐

ለ ) ኩሎም ዕንቅርቢት ሰብ ክቐትሉ ይኽእሉ፡ — ሓቒ ☐ ሓሶት ☐

ሓ ) ኩሎም ዕንቅርቢት ዕብየቶም ሓደ እዩ፡ — ሓቒ ☐ ሓሶት ☐

መ ) ዕንቅርቢት ብ ጭራኦም ምውጋእ ይጅምሩ፡ — ሓቒ ☐ ሓሶት ☐



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

3. ኣብ ዕዮ 1 ዘሎ ጽሑፍ ብዛዕባ እንታይ ሙኻኑ ግለጽ፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

4. ኣብ ዕዮ 1 ዝረከብ ጽሑፍ ሰብ ቅድሚ ጫምኡ ምኽዳኑ ውሽጡ ክነግፎ ከምዘለዎ ይሕብር፡ ንምንታይ እዩ ሰብ ከምኡ ክገብር ዘለዎ፡ ንምንታይ ናትካ ርእይቶ ወን ከምኡ ከምዝኾነ ግለጽ፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

5. ኣየናይ ካብዞም ዝስዕቡ ውድድራት ብ መኽንያት ጠሊ ክካየድ ኣይካኣለን፡ ነዚ ዝሰማማዕ ጽሑፍ ምልክት ግበር፡

ሀ ) እቲ ብናይ ጸባ ፓኮ ዝግበር ውድድር፡ ሓደ ጥዕና ዝህብ ሂወት ከማዕብል ይግባእ፡ ከማልኡ ዘለዎም ቅጥዕታት ድማ፡ ሓደ እቲ መወዳደሪ ብዝተወድኣ ናይ ጸባ ፓኮ ኮይኑ ብኢድ ዝተሰርሐ ክኸውን ይግባእ፡ ናብቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ድማ ብልዕሊ ማይ ጌርካ ክብጻሕ ይግባእ፡

ለ ) እቲ ብ ባስካ ዝግበር ውድድር ካብ ቕድሚ 50 ዓመት ኣትሒዙ ክካየድ ዝጸንሐ እዩ፡ እቲ ውድድር 58 ኪ.ሜ ንውሓት ዘለዎ ኮይኑ ብዙሕ ንዋሕስ ተባሂሉ ዝተገበረ መስመራት ኣለውዎ፡ ኩሎም እቶም ባስካታት ዓቐኖምን ኣሰራርሖኦምን ናይ ቐደም ክኸውን ኣለዎ፡ እቲ ሞተር ሓያል ክኸውን ኣይፍቀድን፡

ሓ ) እቲ ብውድድር ዝነቐጸ ውሓዚ ተባሂሉ ዝፍለጥ ውድድር ኣብ ዝነቐጸ ውሓዚ እዩ ዝካየድ፡ ሓደ እዋን እቲ ውሓዚ መሊሱ ብ ማይ ስለዝመልኣ እቲ ውድድር ክምዝቋረጽ ተጌሩ፡ እተን መዋዳደርቲ ጃላቡ ባይታ ስለዝስኣና እቶም ተወዳደርቲ ተሰኪሞም ኣውጽእወን፡

መ ) እቲ ብናይ ዝስተ ታኒካ ዝጽዋዕ ውድድር ቅድድም ጃላቡ ዓመታዊ እዩ ዝካየድ፡ እቲ መወዳደሪ ኣቕሓ ብዝተወድኣ ታኒካታት ናይ መስተ ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ሞተረ ዝተገበረሉ እዩ፡ ንሓፈሻዊ ምዝንጋዕ ተባሂሉ ሰለዝግበር፡ መብዛሕተን ኣብ መጀመርያ እየን ዝስበራ፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

6. ነዚ ካርታ ብምርኣይ ነቶም ሕቶታት መልሲ ሃብ፡




ኣየናይ ቦታ ጥቓ ወደብ ይርከብ፡

☐ ከተማ

☐ ቐላይ

☐ ሕርሻ

ኣየናይ ቦታ እዩ ኣብ መወዳእታ ሰሜን ዝርከብ፡

☐ ወደብ

☐ ጫካ

☐ ሕርሻ

ካብ ከተማ ናብ ቀላይ ክትከይድ ተደሊኻ ናበየናይ ማእዝን ትኸይድ፡

☐ ናብ ሰሜን

☐ ናብ ደቡብ

☐ ናብ ምብራቕ

ናብ ደሴት ንክትዛወር ትኸይድ ኣለኻ ንበል፡ ነዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ተጠቀም፡

- ብ ገጠር ጀምር፡
- ናብ ወደብ ዝመርሕ ጎደና ተኸተል፡
- በታ ካልኣይቲ ኣንጎሎ ንጸጋም ተጠወይ፡
- ክሳብ መወዳእታ ናይቲ ጎደና ተጓዓዝ፡
- ሕጂ ኣበይ ኣለኻ፡

☐ ኣብ ሕርሻ

☐ ኣብ ከተማ

☐ ኣብ ወደብ



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

7. ነዚ ጽሑፍ ዓው ኢልካ ኣንብቦ፡

**ቡሽባል**

ብዛዕባ እዚ ቡሽባል ዝብሃልዶ ሰሚዕካ ትፈልጥ፡ ብሓሳብ ኣብ ሞንጎ ክፆሶ እግርን ጎልፍን እዩ፡ ዕላማ ናይቲ ጸወታ ኣቐዲማ ኣብ ናጻ ባህርያዊ ጎልጎል ዝተተኸለት ባንዴራ ብ ውሑድ ቕላዕ ማህራም እዩ፡ እዚ ጸወታ ተውሓደ ብ ክልተ ሰባት እዩ ዝጽወት፡ እቲ ሓደ ነታ ባንዴራ ዝተክል፡ እቲ ሓደ ድማ ነታ ባንዴራ ዝሃርም፡
ክንደይ ቅላዕ ነታ ባንዴራ ከምዝሃረማኣ ድማ ይቑጸር ፡ ካብ ትሽዓተ ንላዕሊ ክኸውን ኣይፍቀድን፡
እታ ናይ መጀመርያ መንገዲ ኩሎም እቶም ተጻወቲ ሓሓደ ግዜ ነታ ባንዴራ ምስ ረቑሑዋ ትዛዘም፡ ክንደይ መንገድታት ከም ዝጻወቱ እቶም ተጻወቲ ባዕሎም እዮም ዝውስኑ፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

8. ኣብ ዕዮ 8 ዘሎ ጽሑፍ ብምንባብ ነቲ ቅኑዕ መልሲ ምልክት ግበረሉ፡

ሀ ) እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ እንታይ እዩ፡

- ☐ እዚ ጽሑፍ ኣብ መንጎ ኲዕሶ እግርን ጎልፍን ዘሎ ፍልልይ ይገልጽ፡
- ☐ እዚ ጽሑፍ ናይ ቡሽባል ሕጊ ጸወታ ይገልጽ፡
- ☐ እዚ ጽሑፍ ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ባንዴራ ይገልጽ፡
- ☐ እዚ ጽሑፍ ንምንታይ ሰብ ባንዴራታት ከምዘድልዮ ይገልጽ፡

ለ ) ኣብ ጸወታ ቡሽባል ሰብ እንታይ እዩ ክሃርም ዘለዎ፡

- ☐ ነቲ ተጻዋታይ ነታ ባንዴራ ሒዙ ዘሎ፡
- ☐ ነታ ባንዴራ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ኢዱ ሒዝዋ ዘሎ፡
- ☐ ነታ ባንዴራ ኣብ መሬት ተተኺላ ዘላ፡
- ☐ ብመንጎ እተን ክልተ ባንዴራ ኣብ መሬት ተተኺለን ዘለዋ፡

ሓ ) እንታይ እዩ ዝቁጸር፡

- ☐ ቁጽሪ ነታ ዕላማ ዝወቕዖ፡
- ☐ ቁጽሪ ናይቲ መንገድታት፡
- ☐ እቶም ተጻወቲ ባዕሎም ይውስንዎ፡
- ☐ እቶም ኣድለይቲ ቅላዓት ክሳብ እቲ ዕላማ ዝውቃዕ፡

መ ) ቡሽባል ብዛዕባ ኣየኖት ክልተ ዓይነታት ስፓርት እዩ፡

- ☐ ጎልፍን ቴንስን
- ☐ ኲዕሶ እግርን ጎልፍን
- ☐ ኲዕሶ ኢድን ኲዕሶ እግርን
- ☐ ጎልፍን ኲዕሶ ኢድን

ረ ) ምዓስ እዩ እቲ መንገዲ ዝውዳእ፡ ኲሎም እቶም ተጻወቲ ሓሓድ ግዜ....

- ☐ ነታ ባንዴራ ምስረቅሑዋ
- ☐ ነቲ ዕላማ መስወቕዕዎ
- ☐ ነታ ኲዕሶ ምስወቕዕዎ
- ☐ ነቲ ካልእ ተጻዋታይ ምስወቕዕዎ

በ ) ኣብ መንጎ ኲዕሶ እግርን ጎልፍን ሓደ ክቢ እንታይ ማለት እዩ

- ☐ እቲ ጸወታ ኣብ ጎደና ዝርከብ ክቢ እዩ ዝካየድ፡
- ☐ ሰብ ኣብ ሓደ ግዜ ኲዕሶ እግርን ጎልፍን ይጻወት፡
- ☐ እቲ ጸወታ ቁሩብ ከም ኲዕሶ እግሪ ቁሩብ ክኣ ከም ጎልፍ እዩ
- ☐ እቶም ሓደ ግሩፕ ኲዕሶ እግሪ ይጻወቱ እቶም ሓደ ግሩፕ ድማ ኣብ ሓደ ስዓት ጎልፍ ይጻወቱ፡



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

9. ብሐደ ዓርከኻ ወይ ምሓዛኻ ሕሰብ እሞ፡ ዕርክነትኩም ከመይ ከምዘሎ ግለጽ፣ ንምንታይ ነቲ ዓርከኻ ወይ ምሓዛኻ ትፈትዎ\ዋ፣ ንዓኻ እዚ ዕርክነት ትርጉሙ እንታይ እዩ፣

| |
|---|
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter